# መድረኽ

***ሕታም 2 ቁ 10፤ 3/17/2014 Editor: Tesfaldet Bahlibi***


## ***ኩሉ ነገራት ኣብ ግንዛበ - Imagining All Scenarios***

**ካልኣይ ክፋል** (ንቀዳማይ ክፋል ኣብዚ ምጥዋቕ) Part1

***መዘኻኸሪ፤***
*ካብ ጉዱሳት ኣሕዋት ተኸታተልቲ ጽሑፋት፡ ዝመጸኒ መልእኽቲ ከም ዝተረዳእክዎ፡ ነዛ መድረኽ እትብል መጽሔተይ፡ ከም ናይቶም ብስም መድረኽ፡ ተኣኻኺቦም ዘለዉ ተቓወምቲ ገይሮም ተረዲኦማ። መድረኽይ ግን፡ ካብ 2005 ዓም ዝጀመረት፡ ኣብ ኣገደስቲ መድረኻዊ ዛዕባታት ጥራይ እትቕልቀል፡ እዋናዊት ሕታም ደኣ እምበር፡ ምስ ዝኾነ ይኹን ወገን ዝምድና የብላን።*

=================================================================

*ኣብታ ዝቐደመት ክፋል ናይ'ዛ እዋናዊት ወረቐት እዚኣ፡ ንተቓውሞ ኤርትራ ዝምልከት ውድቀትን ክሳራታትን ተናኺፋ ነይራ። ከም መቐጸልታ ናታ ከኣ፡ እንሆ ካልኣይ ክፋላ። እኩብ ድምር ናይ'ቲ መልእኽቲ ከኣ፤ እዞም ንቃውም ኢና ዝብሉ ዘለዉ ተዋሳእቲ፡ ዓቢኦም ይኹን ንእሽትኦም፤ ውዱባቶም ይኹኑ ዘይ ውድባቶም፤ እንተ ዝግ ኢሎም ናይ ምስማዕ ዓቕሚ ሃልይዎም ኮይኑ፡ በዚ ዝኸድዎ ዘለው ኣገባብ ተቓውሞ፤ ነቲ  ንዘመናት ዝኣክል፤ ሓድነቱ ዓቂቡ ዝነብር ዝነበረን ዘሎን ኩቡር ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝፈታትን ሓደገኛ ናይ ፍልልያት እሾኽቲ፡ ካብ ምዝራእ ንኽቑጠቡ ንምምሕጻን እዩ። እንተ ዘይ ምትክን፡ ጥዕና 'ሎክን ከም ማለት።*

*ብኻልእ መልክዕ ኣበሃህላ ድማ፡ ኣብ ጉዳይ ሃገር፡ ከም ሰባት መጠን ጌጋ ንኸይግበር፡ ዝሕሉ ናይ መከላኸሊ ፈውሲ የልቦን። እቲ ሕመቕ ግን፡ ጌጋ ምስ ተፈጸመ፡ ነቲ ጌጋ ዘይ ምግምጋሙን ዘይ ምእራሙን እዩ። ስለዚ፡ እቶም ንተቓውሞ ኤርትራ፡ ናይ መሪሕ እጃም ኣሎና እዩ፡ ዝብሉ ውዳቤታት ወይ ውልቀኛታት እንተ ደኣ ኮይናም፡ ጌጋታቶም ክሳብ ዘይ ገምገሙን እርማት ዘይ ሃንደሱን፡ ስርዓት ከትክኡ ወይ ከወርሱ ዝሃርፉ፡ ጸባ ካብ ብዕራይ ክሓልቡ ምፍታን ማለት ይኸውን።*

## ***ጠንቅታት ፍሽለት ናይ ምኹን ተቓዎሞን  ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋታት***

*ስርዓተ መንግስቲ ንምቕያር ጥራይ ዘይ ኮነስ፤ እንኮላይ ንማሕበራዊ፤ ፖለቲካዊ፤ ቁጠባውን ሸሻያት ዝምልከቱ ነገራት ዘበሉ ንምምሕያሽ፡ ክንቃወም ኢና ዝብሉ ሰብና፤ ነቲ ክበጽሕዎ ዝደልዩዎ ሸቶ ዘበለ ኩሉ፤ ነቲ ንዑኡ ከከናውንዎ ዘብቕዑ ኣማላእቲ (atributes) ነገራት የድልዮም። ንጹር ራእይን ዘተኣማምን ስልቲ ምውናን፡ ሕብርቲ ነገራት እዮም። ብዘይ ንጹር ራእይን ዘይ ግብራዊ ስልትን፡ ኩሉ ጻዕሪ ይመክን ወይ ከኣ ይመውት።*

*ሸውሃት ናይ ገለ ነበብቲ፡ ደኣ ከይ ዕጾ እምበር፡  ውድቀት ወይ ሕልፈት፡ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ በቲ ሓደ ወገን ምስ ንርኢ፤ ዓወት ናይ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ከኣ፡ በቲ ካልእ ብዕቱብነት ምስ*

*ነስተብህለሉ፡ ራእይን ስልትን ናይ <u>"ንሕናን ዕላማን/</u>ሻዕብያ"_ ሽቶኡ ኣይ ሃረመን'ዶዩ? ከም ኣሰላልጣ መደባት ዕዮ መጠን ጥራይ።*

*እቲ <u>**ንሕና**</u> ማለት ከም <u>**በዓል-ቤታዊ**</u> ፤ እቲ ዕላማና ከኣ፡ ከም <u>ራእይ</u> ነብያት፡ ከም ማለት ምዃኑ ተረድአ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ስሚዒታቱ ጥራይ ምድሃብ፡ ኣብ ብልዕቲ ቁም ነገሩ ምፍታሹ ኣገዳሲ እዩ። ማንፌስቶ ንሕናን ዕላማናን ራእይ እዩ። ውጺኢቱ ከኣ፡ ቡም . . . 91።*

***እንተ እቲ ንፖለቲካዊ ሰዋሰው ናቱ ዝምልከት ግን፡ ናይ "ንሕናን ዕላማናን" ራእይ፡ ብላማ ጠቢሕካ ኣብ ብልዕቲ ቁምነገሩ*** */microscopic inspection at its cross section dissection/ _* *ናይ ምርኣዩ ጉዳይ ኣገዳሲ እዩ። ይኹን ደኣ'ምበር፡ ከቢድ ታሪኻዊ ነገር ከም ምዃኑ መጠን፡ ብናይ ሓባር ወግዓዊ ግምገማ ምስ ዝከናውን ጥራይ'ዩ፡ ውጺኢት ፍረ ነገሩ፡ ረዚንን ሚዛናውን ዝኸውን። ስለ ዝኾነ፡ መድረኽ ናይ ሎሚ፡ <u>**ከምቶም ሳሰይቲ ተሃወስቲ ስሚዒታት፡**</u> ዝፈጸምዎ ናይ ባዕላውነት ትንተና፡ ንኸይ ትደግም መታን፡ ኣብኡ <u>ከትቆራባዕ ወይ ከትመኻኸን</u> ኣይ ኮነትን።*

*ኣፍራይነትን ኣድማዕነትን፡ <u>**ናይ ሓደ ውርጹጽ ሪእይን ስልትን፡**</u> ንምጥቃስ ምስ ዘድሊ ድማ፡ ነዊሕ መገሻን ካዕበ ስንቂን ዘይ ሓትት፡ ናይ ባዕልና ሃብቲ ኣብነት ኣሎና። ዕውት ታሪኻ ስርሒት ፈንቅል፡ ሓደ ካብቶም ብዙሓት ረዘንቲ ትእምርትታት፡ ወርቃዊ ጸጋ ጅግንነት ሻዕብያ ኮይኑ፡ ንውሉድ ወለዶ ዝመሓላለፍ፡ ቅርሲ ታሪኽ ኤርትራውነትና ኣሎ። ራእይን ስልትን ማለት ከምዚ'ዩ።*

*ለይትን መዓልትን ኣብ ፖለቲካዊ ዛዕባታት ክንጨቓጨቕ ንኽእል ኢና። መጨቓጨቒታት ዛዕባታት ስለ ዘለዉና። እንታይነቶምን ከመይነቶምን ከይ ተለለዩን ከይ ተሰማማዕናሎምን ግን፡ መድሃኒት ክንረኽበሎም ኣይ ንኽእልን። ፈቲና ጸሊእና፡ እታ ጎደና ሓንቲ ኢያ። ስምረት ናይ ዝተፈላለዩ ሓይልታት።*

*ምቅዋም፡ እንተ ደኣ ንስለ ራህዋን ቅሳነትን፡ ዝዓሰላ ሃገር ክትኮነልና መታን፡ ንኹሉ ህዝቢ፡ ከም ጡጥን መርፍእን ኣሊጋጊብና፡ ሓድነቱ ምስ ዝሕለወሉ፡ - ሻነይ። ምቅዋም እንተ ደኣ . . . ንጠለባት መሰላት ናይ ንጹል ዓሌታትን ሃማኖታትን፡ ዝግደሽ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ኣብ ሃገራዊ ኣድማስነት ሓዘል፡ ራእይን ስልትን ዝዓጠቐ ተቓውሞ፡ ምስ ዝኸውን መንከ ዘይድግፎ? ክንደይ ከ ዘይ ተፈተነ። ይኹን ደኣ'ምበር ተቓውሞ ኤርትራ ተጨውዩ እዩ። እንዳ ርኤናን እንዳን ሰማዕናን እንከሎና፡ ወያነ ሕርህራይ ጌሮም፡ ከም ጻባን ሕምባሻን ኣድራጋ እንዳ ኻፈዩ ይሓይክዎ ኣለው።*

*እቶም ከም ፖለቲካዊ ካድራት እንዳ መሰሉ፡ ኮነ ኢሎም ድዮም ወይስ ብምዝንጋዕ፡ ምስ ክውንነት ህዝብናን ሃገርናን ዘይቃዶ ፍልሰፍናታት የተኣናግዱ። እነ ከምዚታት። <u>**ዝኾነ ኤርትራዊ ከም ንዑኡ ዝመስሎ ምርጫ ገይሩ ክቃወም፡ መሰሉ እዩ ይብሉ።**</u>*

*እዚ ኣነ "ከም ድላየይ መንዩ ከልካለየይ" ዝዓይነቱ ተረድኦ፡ ምስቲ <u>**"ብኹሉ ዓይነት ኣገባብ ንቃወም"**</u> ዝብል መርገጽ ይሰምር። ብኹሉ ዓይነት ኣገባብ ተቓውሞ ማለት፡ ቅጥዕታቱን ከመይነቱን ዝርዝር ወይ ግሉጽ ስለ ዘይ ኮነ ፡ <u>**ብቑዕ ፖለቲካዊ ኣምር ዝጎደሎን፡ ጸያቕ ፖለቲካዊ ዕዳጋ ዝኾነን፡ ኣየቃስንን እዩ።**</u> ዓሻ ዝተኸሎ ለባም ስል ዘይ ነቕሎ ድማ፡ እንሆለ እዚ ብኹሉ ዓይነት ኣገባብ ማለት፡ ቀይዱ ዝበተኸ ሰረገላ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። <u>**ፍረ ናቱ ከኣ፡ እንሆ ውድብ ቀይሕ ባሕሪ ዓፋር፡ ከምታ ትጥዕሞም ማለት**</u>*

***እዩ፡ መንግስቲ ኣብ ስደት ኣውጀም።*** *ብዘይካ ሓደ ትኩር ተንታኒ - መርኢድ ዘርኡ፡ ብሒም ዝበለ ኣይ ሰማዕናን። ወይ ከጃህ!!!*

*ዝኾነ እንተ ኾነ፤ ዝተባህለ እንተ ተባህለ፤ ዝጎየየ እንተ ላህልሄን፡ ዝደቀሰ እንተ ሓለመን ግን፡ ጉዳይ ሃገር ቀዳምይ ነገር ስለ ዝኾነ፡ ከከም ዝመስለካን ከከም ጉልበትካን፡ እተልዕሎን እተንብሮን፤ ወይ ድማ ከከም ቁመትካ፡ እትሰቕሎን እተውርዶን፡ ኣቕሓ ኣይ ኮነን። ሀገረ ኤርትራ ሓደ ምድሪ፡ ናይ ሓደ ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ዘረጋገጸ፤* ***ሓደኣዊ እዩ።***

*እዚ ህዝቢ'ዚ፡ ሓደ ልቢ ጥራይ ዘይ ኮነስ ጻዕዳ ዝልቡ፡ ሓደ ሳንቡእ፤ ሓደ ኣእምሮ ሓደ ስጋ፤ ሓደ ዓጽሚ ሓደ ቆርበት፤ ሓደ ራሕሲ ሓደ ናሕሲ፤ ሓደ ሩባ ሓደ ኩርባ፤ ሓደ ባሕሩ ሓደ ምድሩ፤ ሓደ ሰማዩ ሓደ ማዩ ወዘተ ዘለዎ እዩ።* ***ሓደኣዊ እዩ።***

*ነዚ ሓድነት እዚ፡ ክብክል ዝድናዕ መንእሰይ፡ ከም ዘይ ተወልደ፤ ነዚ ክብክል ዝድናዕ ሽያብ ድማ፡ ናይ ሎሚ ገደደ፡ ሽያብ ዝዓበደ ማለት እዩ። ጉዳይ ሃገር፡ ከከም ዝመስለካ ዝበሃል ኣይ ኮነን። እንተ ደኣ ከምኡ ኮይኑ እሞ ከኣ፡ ህግደፍ/ህግ/መኤ እንተኾኑ እውን፡ ደይ ከምታ ትመስሎም፡ እዮም ዝኸዱ ዘለዉ። ንጉዳይ ሃገር ከከም ዝደሌኻዮ!!! ጉዳይ ሃገር፡ ከከም ላቢሸካ ጌርካ፡ እትስእሎ ቅርጺ ኣይ ኮነን። ጉዳይ ሃገር፡ ጉዳይ ሰምረት ህዝቢ እዩ።*

*ቁሩብ ንምምኽኻር ማለት ጥራይ፡ ሰዋስው ሰምረትን ሓድነትን ዘይ ምድብላቕ።*

- ***ሓድነት*** *= ሓደ ጥምሮ ዘበሰብ ወይ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ሓደ ድሩት ወይ ጥሩር ምድሪ፤ ከም ሓደ ልቢ ወይ ኣካል ኮይኑ ዝተሰለየን፤ ናይ ሓባር መንነት ዘጥረየን፤ የጥሪ ኤርትራነት እሞ፡ ይበሃል ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ።*
- *ሰምረት = **ማለት ግን፡ መውሰቦ ናይ ዝተፈላለዩ፡ ራኢይታት፤ ኣምራት፤ ፍልሰፍናታት፤ ስነሓሳባት፤ ድልየታት፤ ሕቶታት ወዘተ ይኸውን።** እዚ ማለት ግን፡ ሓደ ልቢ ማለት ኣይ ከውንን።*

***ኣብ ጉዳይ ኣገባብ ኣመሓዳድራ ህዝብና፡*** *ከመይን እንታይን ይሕሸና ንዝብሉ ዛዕባታት ጠቀስ፡ ናይ ሰምረት ሕቶ ምዃኖም'ዮም። ማእለያ ዘይ ብሎምን ዘይ ሰምሩ ጉዳያትን ኣይ ኮኑን። ውሑዳትን ውሱናትን ኮይኖም፡ ሳእንኻ ከም ማዕረ እግርኻ ጌርካ፡ እት ውጭሎምን እት ሳርኾምን እዮም። ምእኩል፤ ወይ ዘይ ምእኩል፤ ወይ ፈደራላዊ፤ ዕልመናዊ ድዩ ወይ መንፈሳዊ፤ ብሔራዊ ድዩ ወይ ሕብረ ብሔራዊ ዝመስል ስርዓት ንምቛም፤ ናይ ግድን፡ ሓድነትና ምስ ኣውሒስና፤ ንፍቶ ንጽላእ፤ ኣብ ሓደ ቅዋም፡* ***ክንሰምር*** *ናይ ግድን እዩ።*

***Rule of thumb A:*** *ሓድነት ሃገር ዘይሕሉ እምነት፤ ይሰምር ማለት ዘበት እዩ።*
***Rule of thumb B:*** *እቲ ዘይ ሰምር፡ እቲ ጎባጥ፤ ወይ እቲ ነቓዕ እዩ። መእተዊ የብሉን። ስለዚ ጎባጥ መድቀሲኡ ባዕሉ ይፍለጣ።*

*ሃገርና ግን፡ ብሐር ይኹን ዓሌት፡ እዚ'ባ እቲ እንተ በለ፡* ***ኣይ ትቕቀፍ ኣይ ትጭጨፍ።*** *ሃገርና ሓንቲ፤ ናይ ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ እያ። ሀገርና፡ ብውድባት ፖለቲካ ከም ዱባ ክትመታተር ይሕሸና ድዩ?*

*ክብሪ ሃገር ምሕላው፡ ናይ ዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ ጉቡእ እዩ። ጉቡኡ ዝፈልጥን ዝገብርን ኤርትራዊ፡ ደረቱ ሓልዩ ክቃወም መሰል ይህልዎ። እዚ ደራሲ እዚ፡ ብንእስነቱ እንከሎ ንኺጋደል፡ ካብ ዝፈትዎም ሰድራቤቱ*

fewsilybee@yahoo.com

ምስ ወጸ፡ ክሳብ ሕጂ ዘይ ተመልሰ፡ እህህ እናበለ ዝነብር ዘሎ እዩ። ክብሪ ሃገሩን ህዝቡን እና ሓለወ ድማ፡ ፍትሒ ጎደለ ድኻ ተበደለ፡ ኣብ ዝብል ተቓውሞ መሰል ናቱ ከም ምኳኑ ፈሊጡ ይጣበቕ።

**ይኹን ደኣ እምበር፡ ኣብ ዝኾነ ህሞት፡ ክብርታት ሃገሩ ኣሕሊፉ ካብ ምሃብ፡ ምስቶም ዋርድያ ክብሪ ሃገር ኮይኖም፡ ደም እና ነብሱ ሃገር ዝሕልዉ ዘለዉ ጀጋኑ ተጎዝጒዝካ፡ ሀገር ምውሓስ፡ ክብሪ ከም ምኳኑ ይኣምን።** ኣብ ውሽጣዊ ሰብነትና ኣቲትና፡ ሕልናዊ ፍተሻ እንተ ንገብር፡ ካብቲ ዘዘናብለና ዘሎ፡ ኩፍእ ኣተሓሳስባና ክንሽረጥ ወይ ክንፍወስ ዕድል ኣሎ። ሕድርና ነብሰ ፍተሻ ብኽምዚ።

ሰባት፡ ኣብዛ ጋሕማጥ ዓለም እዚኣ፡ ብተምሳል ኣባጅጎ ወይ ረቢ፤ ንውለድ እሞ፡ ንመውት ከኣ። ኣብ እዋን ልደትና ንፍሳህ እሞ፡ ንዕልል። ከም ኤርትራውያን መጠን። ኣብ እዋን ሞትና ከኣ ንቕምስል እሞ፡ ክሳብ ጸጕርና እና ነጼና፤ ሓመደ ዕደ እንዳ ተኸደና፤ ዓንገረር እንዳ በልና ንቐብር፤ ነታ ዝተኻዕተት ጉድጓድ እውን፡ ባዕልና ክንኣትዋ ንደናደን። ከም ኤርትራውያን መጠን። እቲ ቀብሪ፡ ብዙሓት ቀባሮ ዘይ ተረኽበሉ እዋን፡ እንተ ደኣ ኣጋጢሙ ግን፡ ነቶም ዘይ ቀበሩ ንክቐብሩ መታን፡ ካልኣይ ወይ ዳግማይ ቀብሪ ይዕደም፡፡ ከም ኤርትራውያን መጠን። ርሑስ ሞት ዝበሃል ውን ኣይ ሰኣንን። ኣየናይ ራእይ ሞይቱ ኣየናይ ከኣ ሰሪሩ ንመልከት። ዝሞተ እንተ ሞተ፡ ዝውለድ ውን ስለ ዘሎ ግን ቀጻልነት ይህሉ። ንራእይ **ሶውራ** ዝምልከት ማለት ይኸውን።

እዛ ሶውራ እትበሃል ቃል፡ ኣብ ግዘ ሰለማውን ብረታውን፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ካረመለ መጺና ዘስተማቐርናያ፡ ተላዒላ ዘለዓለትና መነቓነቒት ኣምር ዕላማ እያ። ሰሪሕናላን ተዓዊትናላን ኢና። ሎሚ ግን፡ ኣበይ ከምዘላ ህጣማ ጠፊኡ ኣሎ። ብሕልፊ እኳ ደኣ፡ ካብ'ዞም ዘሰክፉና ዘሎዉ ተጻረርቲ።

**ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ኩሉ ጸፍሒታት ናብራ ህይወት፡ ንማሕበራዊ ጠለባት ዘድልዩ ጉዳያት፡ ከም እዋናቱን ከም ኣድላይነቱን፡ ንኽልወጡ ወይ ድማ ንኽመሓየሹ ዝድለዩ ገዛእቲ ሕግታት ስለ ዘለዉ፡ ወይ ብግዲ ወይ ከኣ ብውዲ ክጣጥኡ ኣድላይነት ኣለዎም። ምቕላስ ማለት እዩ። ግን፤ ቃልሲ መጠን ስለ ዘለዎ፡ ይዕበ ይንኣስ፤ ይብዛሕ ይውሓድ፤ ይሕመቕ ይጸብቕ ተዓቃናይ እዩ። ብኸመይ ይዕቀን? ብኪሎ ግራም ወይ ድማ፡ ብሜትሮ ኩቢ ኣይ ዕቀንን። እቲ ዓቃኒ ህዝቢ እዩ።**

ህዝቢ ፈራድን ቆራጽን እዩ። እንተ ደልዩ ይዛራብ፡ እንተ ዘይ ደልዩ ከኣ የኹርጥ። እንተ ደልዩ ይብገስ፡ እንተ ዘይ ደልዩ ከኣ ይኸንብ ወይ የራጥጥ። እንተ ደልዩ ይምሕር፡ እንተ ዘይ ደልዩ ከኣ ይኹንን። እንተ ደልዩ መዓር ይኸውን፤ እንተ ዘይ ደልዩ ከኣ ዕረ ይኸውን። ናብርኡ ንኽመሓይሽ ድማ፡ ብሓባር ከም ባህ ዝበሎ ገይሩ ይዕወተሉ። ኣድላይ ኮይኑ እንተ ረኺብዎ ከኣ፤ ሓፈሻዊ ሶውራ (ሶውራ ሓፋሽ) የባርዕ እሞ፡ መሬት ኣዳም፡ ሓመዳ ንላዕሊ ክሳብ ትወጽእ ይገብራ።

ህዝቢ ከም ሓደ ታኒካ ባሕሪ፡ ብጸሓይ ንግሆ ዝረሰን፤ ወይ ከኣ ከም ፓፓጋሎ፤ ናይ ሃለውለዉ ቋንቋ ዝዛረብ ኣይ ኮነን። ህዝቢ ረዚን እዩ። ህዝቢ፡ መኣስ ይረስን መኣስ ይዝሕል፡ ብልክዕ ዝፈልጥ ስለ ዘየለ፡ ንህዝቢ ዝደፍርን ዘቃልልን ተቓዋሚ እየ ዝብል ክጥንቀቕ ይግባእ። ህዝቢ ሓድነቱ ዝሕልወሉን ዝዘርገሉን መን ከምምኳኑ ይፈልጥ እዩ። ዞኽዞኽ ደድሕሪ ወያነ፤ ተወደብ ተወዳደብ ደድሕሪ ሃይማኖታዊ ተመቓልነት፤ ተወደብ ተወዳደብ ደድሕሪ ዓለታዊ ተፈላይነት ወዘተ፡ መጉሃይ ህዝቢ እዩ።

ብሰንኪ ዘይ ብሩህን ምኹንን ተቓውሞታት፤ ህዝቢ **ካብ ምስ ዘይ ፈልጦ መልኣኽ ፡ ምስ ዝፈልጦ ጋኒን ክጸንሕ ስለ ዝመርጽ፡ ከም ሓደ ጎባጥ፡ መደቀሲኡ ባዕሉ እዩ ዝፈልጣ።** ሎሚ፡ እንተ ደኣ ክስቆረና ዝኽእል ኮይኑ፡ መጠነ ብዙሕ ህዝቢ ኤርትራ፡ ስክፍታ ናቱ ሰውር ኣይ ኮነን። ንሱ ድማ፡ ከም . .

fewsilybee@yahoo.com

***ሀ) <u>ከምቲ ጀሃዳዊ ምንቅስቓስ: ክተኸሎ ዝደሊ ስርዓተ መንግስቲ ዘይ ኮነስ፤ ኣብ ኤርትራ: እቲ እንኮ ዘዋጽእ ስርዓተ መንግስቲ: ዕልመናዊ ምስ ዝኸውን: ኣማእካሊ ከም ምዃኑ ዝቕበሎ: ረዚን ሓፈሻዊ ዝምባለ ኣሎ።</u>***

*ስለ ምንታ'ዩ ሓፈሻዊ ዝምባለ፡ ኣብ ዕልመናውን እግዚኣብሄራውን ወጥርታት ክመርጽ ዝፈናጠር፡ ኢልና ምስ ንሓትት፡ ካብዚ ኦምን ዝኸምዚ ኦምን ዝኣመሰሉ መርገጻት፡ ይዋደዱ ስለ ዘለዉ።*

> *" The primary goal of the ERIJ, Eritrean Islamic Jihad Movement, is to spread the Islamic ideology and the rule by Islamic law -Sharia and overthrow of the Eritrean government of President Isaias Afewerki, and his ruling People's Front for Democracy and Justice (PFDJ),[1][2] formerly referred to as the Eritrean People's Liberation Front (EPLF). The PFDJ is the only legally permitted political party in Eritrea. ERIJ also seeks the establishment of an Islamic Government in Eritrea with an eye toward establishing a caliphate in the Horn of Africa.[3][4] In September 1998, an opposition congress was held in Khartoum, Sudan. At that time, the Eritrean opposition group Harakat al Jihad al Islami (Eritrean Islamic Jihad Movement-ERIJ) reportedly changed its name to Harakat al Khalas al Islami al Eritrea (Eritrean Islamic Salvation Movement).[1]"*
> http://en.wikipedia.org/wiki/Eritrean_Islamic_Jihad
>
> http://www.fas.org/irp/world/para/ism.htm

*እዚ **ጀሃዳዊ** (fighter/struggler) ውደባ እዚ፡ ሓዲሽ ስም እኳ እንተ ቐየረ፡ ካብ **ዕላማኡ ግን ኣይ** ተላቐቐን። ጽንሕ ኢሉ ዝመጸ ጥርናፈ ድማ፡ **<u>ተዳሙን</u>** (the right to heritage) ተባሂሉ ዝንገረሉ፡ ውህደት ናይ እስላማውያን ውድባት ጉጅለ ኮይኑ፡ ኣብ ጥርናፈ ናይ ኪዳን (ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን/Eritrean Democratic Alliance) ወሳኒ ተራ ከም ዘለዎ ይንገረሉ። ስለዚ፡ ኪዳን ማለት. . . ?*

*እዚ ዝስዕብ ቁንጫል ከኣ፡ እንጌራ'ዝገ የብልዓዮ ከምዚ እንክብል የስምረሉ።*

> *"… ሓቂ እዩ ኸኣ ብብሄራውን ሃይማኖታውን ውዳቤ **<u>እተወደባ ውድባት ዝጸዓቓኦ ሃገራዊ ባይቶ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኤርትራዊ ስድተኛ ክሓስባን ክጣበቓን ምጽባይ ኣብ ቦትኡ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ቀዳምነት ብሄሩን ሃይማኖቱን ዝሃበ ውድብ፡ ኤርትራዊ ኣተሓሳስባ ክሓስብ ትጽቢት ምግባር የዋህነት እዩ።</u>** ዋላቶም ኣብ ኣመራረሓ ፈጻሚት ዘለዉ ካብ ኣቦ መንበርም ኣትሒዝካ ኩሎም ተግባራዊ ስረሓቶም እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ከምኡ'ዩ። **<u>ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ቁልጭ ኣቢሉ ዘብረሆ ድማ ትግሪኛ ከም ቀዳማይ ጸላኢ፡ ግዝኢ መደብ ብዝብል ጉልባብ! ከም ቀዳማይ ጸላኢና እዩ እዩ ዘሰምዕ፤ ካልእ ትርጉም የብሉን።</u>**" ገ/ሄር ገ/ጊስ ወዲ ባሻይ 2/7/2014 **[meskerem](meskerem)** (ድምቀት ናተይ እዩ)*

***ሁ) <u>ናዝራዊነት ኤርትራውያንከ እንታይ ይብል?</u>*** *(ናዝራዊ = ናዝራዊነት ከም ቅጽል)*
*ኣብ ርእሲ ሓናትሲ ጽግዕ ምስ ዝውሰኾ፡ እቲ ኣሰካፊ ኮይኑ ዝምዕብል ዘሎ ጥንግንግ ዝበለ ነገር ኣሎ፡፡ ላሕኩታት ሃይማኖታዊ እምነት፡ ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳይ ሃገር፡ ንሱ ድማ እቲ ካብ ኣመንቲ ምስልምና*

*ኣሕዋትና ዝሰማዕናዮ ንናይ ሃይማኖታዊ ርእሰ ውሳነ መሰል፡ ክሳብ ሽርዕያዊ ምሕደራ ዘንቀደ ኮይኑ፡ ገለ ክፋል መስቀላውያን እምነታት ከኣ፡ ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ሕውስዋስ ዘለዎ እምነት፡ ምስ እንተላይ መዛሙርን ጣቐዒትን ዝተሓወሶ ትልሂት ይምህለሉ። ኣብ ዓውዲ ፖለቲካ ኮይኖም ተስፋታቶም የቃልሑ። ኣቀጫጮም ከም ዘተንብሆ፡ ምስታ ኣብ ጎደቦና ዘላ ንእሽቶይ መስቀላዊት ወደብ፡ ብስም ናዝራዊ እምነት፡ ንመንፈሳዊ ሓድነቶም ይምህለሉ። ከምቲ ሓድነታዊ ባህግታት፡ ናይ ፓን ዓራቢዚም ዝመስል፤ ናይ እዚኣቶም ጥምሖታት ድማ፡ ዶብ ሰገር ሓድነታዊ ናዝራዊዝም ይመስል።*

***ነዚ ጥውቕ*** [*http://www.betezion.com/video/worship/select_worship.php?id=00000000236*](http://www.betezion.com/video/worship/select_worship.php?id=00000000236)

*ናይ ሓደ <u>መስቀላይ ናዝራዊ ጉጅለ ድማ ስክፍታኡ</u>፡ ብኸምዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ፡ **<u>ኣብ ጉንዲ ወይኒ እትበሃል ዓመታዊት ጋዜጣ ዝተሓትመ ንመልከት</u>**። ሕውስዋስ ፖለቲካን ናዝራዊዝምን ብግልጺ።*

***<u>ረፈረንደም ደቡብ ሱዳን: ንኤርትራውያን ዚጸሉ ኩነት</u>*** *፡ ብዝብል ኣርእስቲ ነስተብህል።*
***<u>ጉንዲ ወይኒ - ጥቅምቲ/ታሕሳስ 2010 ቁ 13 Gundi</u>*** *Weyni፡ P.O.Box 61301-00200, Nairobi, Kenya, E-Mail: gundiweyni@gmail.com, http://gundiweyni.wordpress.com* ፡

> *"ድሕሪ ናይ ነዊሕ ዓመታት ደማዊ ኵናት: መንግስቲ ሱዳንን ምስኦም ኪዋግኡ ዝጸንሑ ቐደም ብጆን ጋራንግ ዚምርሑ ዝነበሩ: ብህዝባዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ሱዳን (ኤስ.ፒ.ኤል.ኤ) ዚፍለጡ ናይ ደቡብ ሱዳን ደባይ ተዋጋEትን ብዓመተ 2005 ውEል ድሕሪ ምፍርራሞም: ከም ኣካል ናይቲ ውዕል ኣብ ዚመጽእ 9 ጥሪ 2011 ደቡብ ሱዳናውያን ረፈረንድም ኬካይዱ ምድላዋት ተጌሩ ኣሎ። ደቡብ ሱዳናውያን ንናጽነት ብምምራጽ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓዳሽ ሃገር ኪምስርቱ ኣዝዩ ልሀል ተኽEሎ ከምዘሎ ይግመት። ምፍጣር ናይ ሓዳስ ሃገር ደቡብ ሱዳን ኣብ ዞባና ዓበይቲ ለውጥታት ኬምጽE ተኽEሎ ኣሎ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ደቡብ ሱዳን ጸግዐ ሒዙ ሸምዘሎ: መንግስቲ ኤርትራ ድማ ናይ መንግስቲ ሰሜን ሱዳን ጸግዒ ሒዙ ከምዘሎ ተንተንቲ ፖለቲካ ናይቲ ዞባ ይገልጹ። ነዚ ድማ ነቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተጸሚደናሉ ኣለዋ ዚበሃል ናይ ውክልና ኵናት ከም ካልእ ግንባር ዚቐጽርዎ ወገናት ኣለዉ። ብኻልE ወገን ፕረሲደንት ዑመር ኣልበሽር ደቡብ ሱዳናውያን ናይ ገዛእ ርእሶም ሓዳስ ሃገር እንተ ደኣ መስሪቶም: ንሃገሩ እስላማዊትን ብሸሪዓ እትመሓደርን ሃገር ኪገብራ ምዃኑ ብግልጺ ኣፍሊጡ ኣሎ። እዚ ከምኡ እንተ ደኣ ኰይኑ: ነቶም ኣብ ደቡብ ሱዳን ኣብ ብዙሕ ንግዳዊ ንጥፈታት ተዋፊሮም ዘለዉ ኤርትራውያንን: ነቶም ኣብ ኻርቱምን ካልኦት ከተማታት ሰሜን ሱዳንን ተዓቝቦም ዘለዎ ኣሽሓት ኤርትራውያን ስደተኛታትን - ብፍላይ ድማ ንክርስትያናት - ጸገማት ኬጋጥሞም ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ እዚ ረፈረንድምን ብድሕሪሁ ዘሎ ኩነታትን ኣብ ዞባና ኣሉታዊ ጸገማት ንኸየምጽእ ህዝቢ ክርስትያን ኪጸሊ ይግባE። <u>ጉንዲ ወይኒ</u> ርብ| ዓመታዊት ጋዜጣ ኰይና ኣብ መንፈሳዊ መልEኽቲ ዘተኰረት: ብዛEባ ጥEናን፣ ትምህርትን፣ ቍጠባዊ ሓርነትን Eውን መልEኽቲ ንምትሕልላፍ ናብ ክርስትያናትን ሕብረተሰብ ብሓፈሻን ዝዓለመት ናይ ሓፋሽ ጋዜጣ እያ።"*
>
> *http://gundiweyni.wordpress.com "*

## ***<u>ሂ) ፈነወታት ሰዉር ንቕሎ ዓሊ ሳሊሚዝም፡ ብመነሃርያ ዓዋተ.ካም</u>***

*ዓሊ ሳሊም ብዝብል ስም፡ ኣንጻር ከበሳውያን ክስታን ዝዓለመ፡ ሰፊሕን ተሪርን ኢስላማዊ ሳይበር ሁጂማት፡ ብሓልዮት ዓዋተ.ካም ዝተፈነወ፡ ንብዙሕ እዋናት ተኻይዱ። ካብ ትሕዝቶ ጽሑፋት ዓሊ ሳሊም ከም ዝተ ገንዘብናዮ፤ ንሱ ቅምጥ ዝበለ መሃንድስ ናይ'ቶም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ከበሳ ካብ ቆላ፤ ኣስላም ካብ ክስታን መታን ከይሳነ፡ መፈላለይ ትሪኮላታት ዝሓጽሩ ዘለዉ ወገናት መሲሉ ይርኤ።*

*ንእንታይነቱ ዝምልከት ድማ፡ ሓንሳብ ሓንሳብ፡ ኣብ ሞንጎ ጽሕፋቱ፡ ንጥርጣር ቃላት ትግርኛ ይሰኳኽዕ እዩ። ምስ ካልኦት ምልከታታት ደማሚርካ፡ ዓሊ ሳሊም ቋንቋ ትግርኛ ዝመልኽ ከበሰታይ ወይ ከረነታይ*

*ከም ምኻኑ ይሕብር። ሓደ ካብ ቶም ቋንቋ ትግርኛ ዝመልኩ፡ ኣመንቲ ምስልምና - ካብ ጀበርቲ ወይ ዓሳውርታ ወይ ከኣ ካብ ብሌን ከም ምኻኑ ይፕርጠር።*

*ዓሊ፡ ነቲ ዝኣመነሉ መርገጽ ዕላማ፡ ከነደይ እኳ ደኣ ሕጹብ መዓንጣ፡ ኣደ ወሊዳ ትምከን፡ ዓይኒ ከንቁር ድምብረጽ ኣይ በሎን። መሬት ዝወለደት ትውለድ ዝዓይነቱ መልእኽቲ ዳሕዲሑ። ጌሌና፡ ምስ ከንደይ ስከፍታና፡ ኣብቲ ህጉም ናቱ ከይ ንሽመም መታን፡ ርእይቶና ከንሕርም ከሎና፤ ገሊኣቶም ግን ሓዊ ብሓዊ ምስኡ ክደራበዩ ርኢና። ሓደ ካብቲ ብዙሕ ዝተጻሕፈን ዝተዘርበን ንምዝኽካር እንተ ኣድልዩ ድማ እንሆ።*

*The Revolutionary Council of the ELF-RC, March 25, 1995* ፡ *Integrity: A Corner Stone to Our Finding Solution Part 1* ኢሉ ካብ ዘሰፈሮ ንመልከት።

> *" In the last three month plus we came to learn what is under the skin of an element called Ali Salim. The website that prided itself with reconciliation became graffiti of hate mongering against Christians. The website that claims higher standard of ethics and integrity is breaking its own rules. Why is awate.com allowing this to happen on their watch? Is Ali Salim an inside work? A website that most believed to be the bridge of the two cultures is in the middle of promoting hate against Christians. A website that propagated for opposition unity now they are in the middle of the road to block the unity of respectful opposition organizations …* ***Tadamun (****emphasis mine) is the umbrella of the four Islamic opposition organizations under EDA recently formed. The ultimate goal of Ali is to promote his ESF or Tadamun. Everything he says or does is a means to reach the end game. Tacitly, he is the spoken person for Tadamun. I wouldn't mind for him to be that at all. What is bothersome is that he is presenting them as a unity of hatred against Christians. Ali is not representing the lowlanders case appropriately. First, in blood he is not a lowlander he is pure highlander and second he is creating animosity against the Christians by calling them as neo-nazis with whom he is trying to negotiate. In his article, "A Nation in Labor, awate.com May 16, 2009 this is what he wrote, "For the lowlands: the debate is over and the consensus is unanimous that we do not belong under an ethnic dictatorship". I hope he counted his "converted" cousin Ali Abdu, the dictator's closest ally. What does the word anonymous mean to brother Ali? Brother Ali if you believe the debate is over why bother to negotiate. That's surely displayed your pompous and demagogue character. I don't believe our debate is over. In fact we are just starting. We never have a chance in discussing openly and freely; we never have a chance to discuss about our major issues openly and freely; we never have a chance to destroy the virtual wall of mistrust that have building for decades; we never have a chance to discuss openly and freely as brothers and sisters due to colonialism and the PFDJ's repressive environment. How many Eritrean Muslims support Ali's*

*approach, hate of mongering, and divisive intentions? Unchartered territory indeed!" The Revolutionary Coucil of the Elf March 25, 1995*
*For more read: tedamun*

ዓሊ ሳሊም ኣብ ምንጎ ኣስላምን ክስታንን ህዝብና፡ ኪጋፍሖ ዝፈተኖ ጋግ ፍልልይ፡ ካብቲ እንግሊዝ ንህዝብና ክፈላሊ ዝወጠኖ ተንኮል ተመሳሳሊ እዩ። ኣድሚሁ እዩ ክንብል እኳ እንተ ዘይ ተባህለ፡ ንገለ ሕሉፋት ውልቀ ሰባት ግን ኣይ ጸለወን ክንብል ኣይ ንኽእልን። ንገለ ሰባት፡ ዓሊ ሳሊም ጅግና እዩ። በቲ ሓደ ግልብጦሽ ግን፡ ካብቶም ሓያሎይ ጠንቅታት፡ ንደምበ ተቓውሞ፡ ኣብዚ ዘለዎ ሕምስምስ ክወድቕ ዝገበሩ፡ ዓሊሳሊማዊ ኣተሓሳስባ ከም ምዃኑ ኣየጠራጥርን። እንሆ ድማ . . .

እቲ ክሳብ ለይቲ ሎሚ፡ ክካየድ ዝጸንሐ ፈተነ ተቓውሞ፡ ጨሪሱ በሪሱ እዩ፡ እኳ እንተ ዘይ ተባህለ፡ መኺኑ እዩ። ባይቶ ኣዋሳ ምስ ኪዳን ከኣ፡ ብዓንቶቦ ሞይቶምሲ ድሮ ተስካሮም ከም ተበልዔ ይዝንተወሎም ኣሎ፡፡ ኣቐዲምና ኣብ እዋን ትውልዱ፡ ድሕሪ ሞት ጥዕና ቅበጽ ኣይ በልናንዲና?

ቀንዲ ምኽንያታት ናይ'ዚ ፍሽለታት'ዚ፡ ብዘይ ቀለዓለም ክንዛረበሉ ንኽእል እንተ ደኣ ኬና ጉሁድ'ዩ። ካብቲ ቁንቁናታት ናይ ብሔርን ምስልምናን ውዳቤታት፡ ዝተራብሑ ፍልልያት ኮይኖም፡ ብናይ ኢትዮጵያ ኢድ ኣእታውነት ዝዝወሩ ሰረገላታት እዮም። ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ሓደ ካብቶም ኣበራት ትምክሕትታት ኮይኑ፡ ዝርበጽ ዘሎ ዝምባለ፡ ኣውራጃነት ካብ ቀጽርታት ተቓውሞ፡ ምስ ክንደይ ሕብርታቱ ይንዛሕ ኣሎ።

ምስቲ ናይ ዓሊሳሊሚዝም ዝተሓሓዝ ዝመስል ዝምባለ ድማ፡ እቲ ንናይ ማኒፈስቶ "ንሕናን ዕላማናን" ጠቀስ ዝተገበረ ትንተናታት በቲ ሓደ ወገን፡ በቲ ካሊእ ድማ፡ ሰነድ ስውራት ኪዳናውያን /covenant ኣሎ። ኩሉኹሉ ብሓደ ምስ ተደማመረ፡ ጎድናዊ ሳዕቤናቱ እንታይ ከስዕብ ከም ዝኽእል፡ ዘቕለብሉ ኣይ መስሉን። ስለ ምንታይ?

ምናዳ ምናዳ ድማ፡ እቶም ንሳቶም ከም ደቂ ዓዋተ፤ ንሳቶም ጅብሃ፤ ንሳቶም ጀመርቲ ሶውራ፤ ንሳቶም ቆላ፤ ንሳቶም ጀጋኑ ከም ዝኾኑ መሲሎም፡ ነቶም ካልኦት ከኣ፡ ከም ደቂ ዲሞጥሮስ፤ ከም ደቂ ኣስፈሃ ወልደሚኬል፤ ከም ደቂ ተድላ ባይሩ፤ ብጠቕላላ ድማ ከም ደቂ ኣንድነት፡ ቀተልትን ዘረፍትን ኮማንዶስ፤ ወረርቲ መሬታት ኮይኖም ይዋሰኑ።

ዓዋተ ደኣ፡ ነዝን ዝኽምዝን ድዩ ነቒሉ? ዓዋተ ደኣ፡ ንበዓል ዓሊ ሳሊም ድዩ ወሊዱ? ዓዋተ ደኣ፡ ንስውኣት ስዒድ ሳልሕን መልኣከ ተኽለን፡ እንድዩ ዝወለደ። ዓዋተ ደኣ፡ ንቆርነልዮስን ግራጅማት ሲላ ኣበልን ድዩ ወሊዱ? ዓዋተ ደኣ፡ ባርካ ናተይ ከበሳ ናትኩም ድዩ ኢሉ? ዓዋተ ደኣ፡ ነቲ ከም ማይን ጻባን ኮይኑ፡ ብሓደ ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ፡ ክፈላሊ ኣሚቱ ድዩ?

ዓዋተ ደኣ፡ ንስውእ ዓብደልቃድር ሮሞዳንን ኢብራሂም ዓፋን፡ ኢንድዩ ዝወለደ። ዓዋተ ደኣ፡ ንኢብራሂም መሓመድ ዓሊን፡ መሓመድ ብርሃን ብላታን፡ እንድዩ ዝወለደ። ስውእቲ ኣለም መስፍንን ስውእ ኣቡ ሽመልን ስውእ እስራኤል ምስግጋናን፡ ደቂ ዓወተ ኣይ ኮኑን ድዮም፡ ዝብሉና ዘለዉ፡ እኒ በዓል ዓሊ ሳሊም?

ክብሪን ዝኽርን፡ ንዓኻ ንጅግና ስውእ ፈላሚ ጅብሃት ኣል ታሕሪር ኤርትራ፡ ኢታ ዘዕጠቕካና ስረ ጅግንነት፡ ንደቂ መንግስቱን ሃይለ ስለኣሰን፤ ንደቂ ዮውሃንስን ኣሉላን፤ ንደቂ ኣስፋጋድስን ውበን፡ ንደቂ

*ምነሊክን ቴድሮንስ፡ ንደቂ መሓመድ ግራኝን ዱርቡሽን ሰዒራ፡ ኤርትራ ብኣካባ ሓራ ኮይና እያ እሞ፡ ቅሰን። እሞ ኸድኣ ሎሚ?*

*ከምዚ ኮይኑ ኩነታት ደምበ ተቓውሞ እና ሳዕረረ ክመጽእ ከሎ፡ ገለ ስኩፋት ተቓወምቲ ወቐሳታት ኣብ ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኪዳን የካፉሉ ነይሮም እዮም። ሓደ ካብ ኣቶም እዚ ደራሲ እዚ። በንጻሩ ከኣ፡ ኣይ ትቕልዑ ኣይ ትተቐላልዑ በሃልቲ፡ ጸገም ናይ ደምበ ተቓውሞ፡ ብፍላይ ከኣ ኪዳን ዝኸድዎ ዝነበሩ ጸዳፊ ተበግሶታት፡ ከም ፈኮስቲ ጉድለታት ኣምሲሎም ክሕለቕሉን ከተባብዕዎን ነይሮምን ኣለዉን። እንሆ ከኣ፡ ኪዳን ይኹን ባይቶ ኣዋሳ፡ ኣብ መምለሲ ዘይ ብሉ ኣንፈት መንገዲ በጺሖም ይርከቡ። እንተ ደኣ ኣገላብጣ **U** (U-turn) ተገልቢጦም ግን፡ ካላኣይ ግምት ክወሃቦም ይከኣል እዩ።*

*ነዚ ደራሲ እዚ ግን፡ ኪዳን ማለት፡ ብኸመይ ተበጊሱን ንስለ ምንታይከ፡ ለይትን መዓልትን ክከታተሎን ክገልጾን ጸኒሑ እዩ። ኪዳን ማለት፤ __**ንኤርትራዊ ሃገራዊ ምሕዝነት**__ (ኤሀም/ENA) ረፍቲቱ ዝበልዔ ረማሲ ወይ ሓማሲ ቃልሲ እዩ፡፡ ብስም ናይ ሰንዓዊ ዓንኬል (Senna Axis) ጉልባብ፡ ናይ ባጤራ ኢትዮጵያ ጥፍጣፎ ነበረ።*

*ከምዚ ሕጂ ከይ ኮነ፡ ኣብ ዓዋተ.ካም ዓምዲ "ተፈኖ"፡ ብስም ገረስላሰ ወለንኬል፡ ኣብ 2005 ዓም ንተግባራት ኪዳን ኣመልኪቱ ዘዳለዋ ወቓሲት ጽሑፍቲ፡ it got spanked. ሓው ሳልሕ ቃዲ ስለ ዘይ ተቐበላ፡ ኣብ ዓዋተ.ካም ኣይ ወጸትን። ይኹን ደኣ'ምበር ፖለቲካው ዑቕባ ካብ መስከረም.ኔት ስለ ዝረኸበት፡ ኣብ መስከረም ተነቢባ።*

*ጥርናፈ ኪዳን ፡ ዝነቐፍካ እንተ ነቕፍካ፤ ዝበልካ እንተ በልካ፤ ዘእዌኻ እንተ ኣእዌኻ፤ ዝሃረምካ እንተ ሃረምካ፤ ቂዕ ዝብል ደም ስለ ዘይብሉ፡ ኣየሕምሞን እዩ። እቶም ዝሓሙሉ ካልኦት እዮም። ንዓታቶም፡ ኪዳን ማለት ፈተውራሪ እዩ። ዋላ'ኳ ከም ጠበቓታት ሕጊ ናቱ ኮይኖም እንተ ተማጎትሉ፡ ኪዳን ማለት ግን፡ ሓላፍነት ተቐቢሉ፡ ብሓላፍነት ዝሕተት ኣካል ስለ ዘይኮነ፡ ንባዕሉ ዓሪቡ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ እቲ ዝገደደ ጉድኣት፡ ተቓውሞ ተነጺፉ ምምካኑ እዩ። ኣብ ዝስዕብ ሳልሳይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ተወሳኺ ግንዛበ ብዛዕብኡ ክስዕብ ይትስፎ።*

*እዚ ኣብ ምንጎ ተዋሳእቲ ደምበ ተቃውሞ፡ ተጠርዩ ዘሎ ስግንጢራት፡ ኣሸንኳዶ ብዙሓት ውዳቤታት፡ ኣብ ሓደ ክሰምራ ይኽእላ እየን፡ ኢልካ ምሕሳብ፡ ክልተ ብጾት፡ ናይ ነዊሕ እዋን፡ ተመሳሳሊ ተመክሮ ኣሎና ዝብሉ፡ ተቓወምቲ እኳ እንተ ኾኑ፡ ኪቃደዉ ስለ ዘይ ከኣልሉ፡ ከዕውትዎ ዝኽእሉ ተቓውሞ፡ ክህሉ ይኽእል እዩ ኢልካ ምዝራብ፡ ትንቢታዊ ወይ ምህለላ፡ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣገባብ ቃልስን ውህደቱን፡ ክሳብ ዘይ ተቐየረ። መላኺ ዘይ ብሉ፡ ሰይጣን ይመልኮ ከም ዝበሃል ከኣ፡ ሰይጣን መሊኽዎም ከም ዘሎ፡ እንተ ዘይ ገምጊሞም፡ ካብ ተሞክሮ ኦም ኣይ ክመሃሩን እዮም።*

*ቅድሚ ምድምዳም ናይ እዚኣ ጽሕፍቲ፡ ብዛዕባ ፍሉይ መስዋእቲ፡ ናይ ሰለስት ስውኣት ተጋደልቲ ጀብሃ፡ ሓደ ሓደ ክብል ኣፍቅዱለይ። ቅድሚ መስዋእቲ ናይ እዞም ሰለስተ ተጋደልቲ፡ ጀብሃ ትዝርግሖ ዝነበረት ፕረፖጋንዳ "ሶውራ ኣል መዳዳ / ጸረ ገድሊ" ብዘይካ ውሑዳት ኣብ ሳሕል ከቢብናዮም ዘሎው፡ ዝተረፎም የብሎምን ዝዓይነቱ ትነግር ነበረት። ኣብ ሳልሳይ ርብዓዊ ክፍላ ዓመት ናይ 1974 ግን፡ ጀብሃ ኣብ ድሮ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ምክያድ በጺሓትሉ ዝነበረትሉ ቅንያት፤ ሃንደበት ንኹሉ ዝነበራ መደባታ ኣቛሪጻ፡ ብኹሉ ሓይላ ንውግእ ሓድሕድ ከቲታ፡፡ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ከኣ፡ ንዘይ ተወሰነ እዋን ተመሓላሊፉ። እንታይ ተረኸበ ምስ ታባህለ . .*

fewsilybee@yahoo.com

*እቶም ብልክዕ ዝፍልጥዎ እንተ ዝጸውዩሉ ጴቡቕ ነይሩ። ኣብ ርሑቕ ክርናዕ ሜዳ ከም ዝተሰምዔ ግን፡* ***ጸረ ገድሊ ወይ ኣል መዳዳ*** *(ቋንቋ ጀብሃ ንሻዕብያ)፡ ንጀብሃ ኣዳህሊሎም፡ ካብ ሳሕል ንኸበሳ ኣብ እተንቀሳቐሱ እዋን፤ ከም ኣጋጣሚ ድማ ጉጅለ ሕክምና ጀብሃ፡ ንስራሓ ተንቀሳቒሳትሉ ዝነበረትሉ መዓልቲ፡ ኣብ ሕሱም ወደቓ ናታቶም ኣትያ። እዛ ጉጅለ፡ ብተጋዳላይ ሓሰን ባሽመል እትምራሕ ዝነበረት፡ ተጋዳሊት ኣለም መስፉንን ተጋዳላይ እስራኤል ምስግናን ይርከብዋ። ዋላ እኳ ተዋጋእቲ ጉጀለ ኣይ ንበሩ ደኣ እምበር፡ ኣብ ጨካን ኅበጣ ሻዕብያ ተሸሚሞም። ተሰዊኦም። ስውእቲ ኣለም መስፉን፡ እታ ቀዳመቲ ኣንስተይቲ፤ ዕጥቕቲ ተጋዳሊት ስውእቲ፤ ኮይና ታሪኽና ይፈልጣ።*

*እዚ ኩነታት'ዚ ምስ ኣጋጠመ፡ እቲ ኣሎ ዝብሃል ተዋጋኢ ሰራዊት ጀብሃ፡ ከካብ ዝነበሮ ሽፈና ተሳሒቡ፡ ንኸበሳ ኣርከብ ኣርከብ ተባሂሉ። ኣብ ወኪ ዛግር ከኣ ሕነቕ ተሓናነቕ ኮነ። እቲ መድረኽ'ቲ፡ ሓዲሽ መቐይሮ ናይ ገድሊ ወሊዱ። ኣብ ዝርዝራቱ ብዘይ ምእታው፡ እቲ ሽዑ ዝጀመረ ሓዲሽ ህልኸ፡ ድሕሪ 17 ዓመታት፡ ጀብሃ ተሳዒራ።*

*-ኣብ ሳልሳይ ክፋል ይቕጽል-*